# ዘይነፅፍ ሐበን!

**ካብ ተስፋኣለም**

ቋንቋና ከጥፍኡ ከም ህዝቢ ክንርሳዕ፣
ሓሊሞም ክልዓሉ ብፊኸራ እንጣጢዕ፣
አየኽአለካን ኢያሱ ህዝብኻ ክነብዕ።

አምሂርካና ኢኻ ጥልቀት ናይ ቋንቋና ፣
ሐደ ብሐደ ትውፊት ናይ ባህልና ፣
ዘይትነፅፍ ሐበን ቅሰን እመነና።

ሕልምኻ ዝነበረ ርኢኻዮ ብጋህዲ፣
ሽግር እንዳተቐርፈ እንዳተለወጠ ዓዲ።

ራኢኻ ብዙሕዩ ንዕቤት ሃገርና ፣
እናተወፈኻ ኢኻ ተኾሊፍካና፣
ሽቶኡ ንምውቃዕ ክንቃለስ ኢና ፣
ዘይትንፅፍ ሐበን ቅሰን እመነና።